# <u>ካብ ማህደር ጀጋኑና</u>

ሓርበኛ ወ/ት ኣስቴር ፍስሓጽዮን

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘካየዶ ናይ 30 ዓመታት ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ ብዙሓት ደቁ ንመሪሕነት ኣብቂዑ እዩ። ኣብቲ መሪር እዋን ቃልሲ ንሰብኣውን መሬታውን ናጽነት ሓያሎ ብሉጻት መራሕቲ ጸብለል ኢሎም ከምዝወጹ ኩላትና እንፈልጦ ሓቂ እዩ። ሓንቲ ካብዚኣቶም ድማ ወ/ት ኣስቴር ፍስሃጽዮን እያ።

ምሉእ ስማ ኣስቴር ፍስሓጽዮን ሰሎሙን ትበሃል። ሓንቲ ካብተን ቀዳሞት ደቂ-ኣንስትዮ ናብቲ ሃገራዊ ቃልሲ ዝተጸንበራ እያ። ኣስቴር ኣብ 1974 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ተሰሊፋ። ኣብዚ እዋንዚ ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ሃገራዊ ቃልሲ ዉሑን እዩ ዝነበረ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እምባኣር እያ ኣስቴር ንኹሉ ሕብረተሰባውን ባህሪያውን ኣተሓሳስባታት በዲሃ ህዝባ ካብ መግዛእቲ ንምግልጋል ናብ ሜዋ ዝበለ በረኻ ዝምረሐት። ምናልባት ገለ ሰባት ኣብ ንኡስ ዕድሚኣ እናተሓብአት ብበረኻ በረኻ ታሕሽም እናበለት ክትጓዓዝ ዝራኣይዋ መንገደኛታት፥ ምስዓበየት ቁምነገር ትገብር ዓባይ መራሒት ትኸውን ኣይመሰሎምን ይኸውን። ኣብ ኣእምሮ እዛ ለይለይ መንእሰይ ግን ካብ ናቶም ዝዓቢ ራኢ ነይሩ፥ ናጻ ህዝቢ ናጻ ሃገር! ምናልባት እቶም ዝተቐበልዋ ቀዳሞት ተቓለስቲውን “ኩንታል በሊዕኪ ምጺ” ኢሎም ከይመልስዋ ከይትጠፍእ ፈሪሖም ይኾኑ ተቐቢሎማ።

ኣስቴር ብዝነበራ ህንጡይነት ብቐጥታ ናብ ክፍሊ ታዕሊም ኣተወት። ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ወታሃደራውን ፖለቲካውን ስልጠና ተወህባ። ኣብቲ እዋን ታዕሊም ንሰሙናት ወይ ድማ ሒደት ኣዋርሕ ጥራይ ዝዋሃብ ነበረ። ኣስቴርውን ከምኩሎም ካልኦት ብጾታ ኣብ ሓጺር እዋን ታዕሊማ ወደአት። ሂወታ ድማ ካብ ናይ ንእስነት ጸወታን ናብ ናይ ሓላፍነት ደረጃ ተሰጋገረ፥ ንስራሕ ድማ ድልውቲ ኮይና። ሕልማ ኣብ ጎኒ ኣሕዋታን ኣሓታን ተጋደልቲ ኮይና ኣብ ዓውደ ግንባራት ብሓርበኛነት ምቅላስ ነበረ።

እተኾነ ግን ዓለምታ ብንኡሽትኣ ነቲ ዝሃብዋ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ቆብ ከምዝበለቶ ሪኦም ተደነቑላ። እዛ ንእስነታ ዘይወደአት ኣስቴር ድማ መራሕታ ብስለታ ገምጊሞም ብኡንብኡ ዓባይ ሃገራዊት ሓርበኛ ከምዘፍረዩ ተረድኦም። በዚ ድማ ኣብ ሓይልታት ናይ ምኽድ ሕልማ ጎስዮም፥ ንዓቢ ሓላፍነት ሓጺይዋ። መንእሰይ ኣስቴር ኣብቲ ክፍሊ ታዕሊም ከም ኮሚሽነር ተመዚዛ ፖለቲካውን ወታሃደራዊ ዲስፕሊንን ንኣሽሓት ድሕሪኣ ዝዋሓዙ ታዓለምቲ ክትምህር ተመደበት። ኣብዚ ሰውራዊ መደበር ታዕሊም ድማ ብዙሓት ሓርበኛታት ተጋደልቲ ከተፍሪ ኪኢላ እያ። ብዙሓት ካብቶም ዘፍረየቶም ሓርበኛታት ተቓለስቲ ብኽብሪ ንናጽነት ህዝቦም ኣብ በረካታት ኤርትራ ተሰዊኦም እዮም። ብዙሓት ዝተረፉ እዉን ሎሚ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት ሓለፍነት ክበጽሑ ኪኢሎም ኣለዉ። መቸም ሓደ ሰብ ኣብ ሓጺር እዋን ኮሚሽነር ክኸውንን ዲሲፕሊንነ ስነ-ስርዓትን ከምህር ንርእሱ እንታይ ዓይነት ክኸውን ከምዘለዎ ንምግማት ኣየጸግምን።

ተቓላሲት ኣስቴር ፍስሓጽዮን ድሕሪዚውን ከም ኣዛዚትን ሓላፊትን ወተሃደራዊ መደበር ታዕሊም ብሌቓት ኮይና ሰውራዊን ሃገራውን ግቡኣ ብጅግንነት ኣበርኪታ። እዚ ድማ ብልሕን ተወፋይነትን እዛ ኤርትራዊት ተቓላሲት እዩ። ብዙሓት መሳርሕታ ከም ዘዘንትውዎ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብቲ ንሳ ዝነበረቶ መደበር ታዕሊም ይመጹን ብስርሓን ተወፋይነታን ይድነቑ ነይሮም እዮም። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ እያ፡ ኣብ ንኡስ ዕድሚኣ ልዕሊ ዓቕማ ዝኾነ ሰውራዊ ሓላፍነት ተሰኪማ ብብቕዓት ዝተቓለሰት።

ኣብ 1977 ኣብ ዝተገብረ ቀዳማይ ጉባኤ እቲ ግንባር ድማ ኣስቴር ተወኪላ ድሕሪ ምስታፍ ኣብ ምቛም እቲ ላዕለዋይ መሪሕነት ዓቢ ግደ ዝነበራ ተቓላሲት ኮነት። ኣብ ገድላዊ ህይወታ ብዘይዕረፍቲ እትሰርሕን ኣብ ፖለቲካውን ወታሃደረውን ንጥፈታት ሰውራ ከይሰልከይት ተቓሊሳን ኣቃሊሳን።

ድሕሪ ስትራትጅካዊ ምዝላቕ ኤርትራውያን ተጋደልቲ ሞራሎም ከየውድቑ ኣስቴር ሓያል ጻዕሪ ከምዘካየደት ይንገረላ። እታ ኣደ ሰውራ ዝኾነት ሃገራዊት ተቓላሲት እቶም መልሚላ ዘፍረየቶም ሓርበኛታት ካብ ኣፋፌት ኣስመራ ተመለሱ ምስተባህሉ ዕረ ክምዝተዓሞም ኣስተዉዒላ ኣብ ምጽንየም ዒቢ ተራ ተጻዊታ። ሰፋሕቲ ሰሚናራት ብምድላው ድማ ሰውራ ኤርትራ ደልዲሉ ክምዝወጽእ እናገለጸት ፖለቲካዊ ጎስጓሳ ኣካየደትን ሞራል ተጋደልቲ ክብ ኣበለትን።

ድሕሪ'ዚ ድማ መደበራት ታዕሊም ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዓራግ ተጠርኒፍሉ ኣብዝነበረ እዋን ኣስቴር ሓንቲ ካብ ላዕለዎት ኣዘዝቲ እቲ መደበር ታዕሊም ኮይና ቃልሳ ቀጸለት። ኣብዚ ቦታዚ እውን ኣስቴር ከም ቀደማ ውሕሉል ስርሓ እናኣካየደት ኣሽሓት ሓደስቲ ተጋደልቲ መልመለት። ኣብ ርእሲኡውን ድሕሪ እቲ ምዝላቕ ንዝመጹ ኣንጻር ስርዓት ደርግ ዝቃለሱ ዝነበሩ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ትግራይን ግንባር ሓርነት ኦሮሞን ወታሃደራውን ሰውራዊ ፖለቲካዊ ትምህርትን ኣብ ምሃብ ዓቢ ግደ ከምዝነበራ ይግለጽ።

ኣብ 1984 ምስ ሓደ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ እቲ ግንባር ዝነበረ ተቓላሳይ ማሕሙድ ኣሕመድ ሸሪፎ ዝምድና ድሕሪ ምምስራት ኣብ መርዓ በጺሖምን ሓደ ውላድ ክወልዱ እውን በጺሖም ነይሮም። ምናልባት ንሓርበኛ ኢብራሂም ዓፋ ንምዝካር ከይከውን ንውላዶም “ኢብራሂም” ኢሎም ዝሰመይዎ። ኣስቴር ድማ በዚ ተቓላሲትን ኣደን ክትከውን በቒዓ፡ ነዚ ድርብ ሓላፍነት ድማ ብብቕዓት ዝፈጸመት ኣብነታዊት ኤርትራዊት ዜጋ እያ።

ኣብ 1989 ኣስቴር ፍስሓጼን ካብ ክፍሊ ታዕሊም ናብ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ዞባ ኣሜሪካ ተመደበት። ቀንዲ ስራሓ ድማ ሓፋሽ ህዝቢ ንምውዳብ እዩ ዝነበረ። ኣስቴር ድማ መደባ ተቐቢላ ናብ ዝሓየለን ዝሰፍሐን ገድላዊ ጉዕዞ ኣምረሐት፡ ውላዳ ኢብራሂም ገዲፋ ድማ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከደት። ኣብኡ ድማ ዓንዲ ሕቖ ሰውራ ዝኾነ ሰፊሕ ውዳቤ ዝነበሮ ሓፋሽ ውድባት ኣንቂሓን መስሪታን። ፍቐሪ ገንዘብን ጽቡቕ ናብራን ከይማረኻ ጉብኣ ድሕሪ ምፍጻም ድማ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገራ ኣበርክቶኣ ንምዕዛዝ ተመለሰት። እቲ ኣብ

ሜዳ ዘፍረየቶ ህዝባዊ ሰራዊት ዓወት ተጎናጺፉ፡ እቲ ዘንቃሓቶ ህዝቢ ድማ ንዳግመ ህንጻ ድልዉ ጌራቶ።

ኣብ 3ይ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ድማ ከም ኣወሃሃዲት ኮይና ድሕሪ ምስራሕ፡ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ኮይና ብወከልቲ ክትምረጽ በቒዓ። በዚ ኣቢላ ድማ ኣባል ናይቲ ሕጂ ሓቒቑ ዘሎ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ እውን ኮነት። ኣብ ሪእሲኡውን ኣብ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ሓንቲ ካብ ላዕለዎት መራሕቲ ኮነት። ኣብዚ እዋን እዚ ኣስቴር ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ከም ሓላፊት ጨንፈር ማሕበራዊ ጉዳያት ንህዝባ ኣብ ምእላይ ተገልግል ነበረት። እንተኾነ ግን ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ ሃንደበት ከም ትድስክል ተጌሩ። እታ ህርኩትቲ ኤርትራዊት ተቓላሲት ግን ክትድስክል ኣይመረጸትን፡ ጊዚኣ ካብ እተጥፍኦ ክትማሃር ወሲና፡ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ ድማ ዕድል ማሕደረ ትምህርቲ ረኸበት። ደለይቲ ክፉኣ ግና ነዚ ዕድልዚ ከምልጣ ምእንቲ ካብ ኤርትራ ምውጻእ ኣበይዋ።

ድሕሪ ገለ ናይ ቀንፈዘው ዓመታት ድማ ኣብ 1998 ከም እንደገና ናብ ሰራሕ ተመሊሳ፡ ዳይረክተር-ጀነራል ማሕበራዊ ጉዳያት ዞባ ዓንሰባ ኮይና ሰሪሓ። ኣስቴር ንህዝባ ምግልጋል ብዝነበራ ሃንቀውታ ካብ ዝለዓለ ሓላፍነት ናብ ዝተሓት ምውራዳ ንኽትሰርሕ ኣይሸገራን። ሃገራዊ ሓላፍነታ ግን ረሲዓ ኣይትፈልጥን፡ ኣብ ዝረኸበቶ መድረኽ ድማ ንመሰል ተጋደልትን ህዝብን ተጣቢቓን ብትብዓት ሪኢቶኣ ትገልጽ ዝነበረት ዜጋ እያ። እዚ ንቡርን ቅኑዕን መትከል ሒዛ ድማ እያ ኣብ 2001 ሓንቲ ካብ ደለይቲ ልውጢ ኣባላት (ጉጅለ-15) ዝኾነት። ሕቶኣ ድማ ንታኣከብ እሞ እሂን ምሂን ኢልና ዲሞክራሲያዊ ግስጋሴና ንገምግም እያ ዝበለት። እወ መብጽዓ እቲ ዝተቓለሰትሉ ገድሊ ናጽነት ህዝቢ ብምንባሩ፡ ህዝባ ክሓልፈሉ ተመኒያ።

ወጋሕታ መስከረም 18 2001 ግን ጽቡቕ ኣይፈደየታን። ማዕጸኣ ብለይቲ ምስ ተኳሕኰሐ፡ መሬት ኣማን ዘሎ መሲልዋ ከፊታቶ። እቲ ዘሕዝን ንሳ ዘፍረየቶም ብጾታ እዮም ብዘይ ክብረት ኣዳፊኦም ነዛ ሓርበኛ ከም ሓንቲ ገበነኛ ክዳና ከይቀየረት፡ ወዳ ከይሰዓመት ኣዳፊኦም ዝወሰድዋ። ብኣ ኣቢላ ድማ ብዘይ ዳሃይ ተሸሪባ፡ እነሆ 5ይ ዓመታ። እቲ ሓደ ድሕሪ ሓደ መልሚላ ዘንቀሓቶ ተጋዳላይን ህዝብን ድማ ኣብዛ ተካሊት ለይቲ ከዲዕዋ። እወ ከዲዕናያ፡ እዛ ሓርባኛን ለዋህ ኣደን እኮ ምንቲ መሰልን ክብርን ኩላትና እያ ክብራ ተጋሂሱ። ምእንቲ ውልቃ እንተዝኸውንሲ እቲ ቀደም ኣብ ህገረ ኣሜሪካ ከላ ክሓልፈላ ኢላ ኣብኡ ምተረፈት። ግን ምስ ህዝበይ ዳኣ መከራ ምጽጋብ ይሕሸኒ ዝበለት ፈቃርን ለባምን ሓፍትና እያ። ትማሊ ካብ ምዕራብ ንምብራኽ ካብ ደቡብ ንሰሜን ትወናጨፍ ዝነበረት ሓርበኛ ሎሚ ኣብ መሳፍሒ ዘይብላ ጉድጓድ ተዳጕና ሕልምልም ክትብል ትራኣየካ። እቶም ርህሩሃት የዒንታ ድማ ንሓሙሽተ ዓመታት ብርሃን ብዘይ ምርኣዮም ደኺሞም ወትሩ ንብዓት ይፍለፍሉ ኣለዉ። ምስኡ ድማ እቲ ፈቃር ልባ ውላዳ ናፊቑ ምኽኽ ትብል ትህሉ። ኣየ ጭካነ፡ ዝተቓለስካሉ ህዝቢ'ዶ ከምዚ ይፈድየካ እዩ? ገለ ሱሱዓት ብጾትካስ ኣይስኣኑን፡ ግን እቲ ዕድሜኻን ህይወትካን ዘሕለፍካሉ ህዝቢ ካን ዓገብ ኣይብልን? እንዲዒ፡ ንምእማኑ ዘሸግር እዩ። ኣስቴር ፍትሒ ሲኢና ማሲና፡ ብጫ ሕብሪ ለቢሳ ኣእዳዋን ኣእጋራን ብመቑሕ ሕሱማት እናተሰቀየት፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘላቶ ጉድጓድ ግን ዝላ ዓያሹ ትሰምዕ ኣላ። ፈስቲቫል፡ ባዓላት ተባሂሉለይሲ ይዝለል። ኣየ እዚ ህዝብናስ ካንዶ

እቲ ለዋህ ባህሉ ጠፊኡ እዩ፡ ንጓኖት እኳ ፍትሒ ዘውጽእ ዝነበረ። በጃኻ ህዝበይ ሎሚስ ድምጽኻ ኣስምዕ ንርዳኣያ ንኣስቴር፡ ብጓሂ ማሲና መቓብራ ከይንስእኖ እሞ ኣደዳ ታዕሳ ከይንኸውን ተቓላጢፍና ካብ ኣፍ ኣናብስ ነውጽኣያ። ካብቶም ሕሱማት ዓመጽታ ንሕና ህዝቢ ንበዝሕ እሞ፡ ተስፋ ክኾናስ ማዕበላዊ ድምጽና ነቃልሕ። ሓንቲ ማዓልቲ ድማ ድምጺ ምስጋንኣ ክንሰምዕ ኢና።

ኣምላኽ ነዛ ክብርቲ ፍጥረቱ ይደግፍ

ሃብተጽዮን ዕቑቢት